## ርእሰ-ዓንቀጽ

# ጸጋታት ኮንፈረንስና

ሰደግኤ፡ ብሕጋዊ መድረኽ ኣቢሉ ኣብ ዘካየዶ ዕውት ውድባዊ ኮንፈረንስ፡ ብበሊሕ ናይ ቃልሲ ግድላት ተፈቲኑ ዳግም ትንሳኤኡ ኣዊጁ'ሎ። ንሰደግኤ ናብ እውጅ ትንሳኤ ዘሰጋገረ ዕዉት ኮንፈረንስ፡ ኣብ ገድላዊ ምዕራፍ ቃልስና ሓደ ልሉይ ቦታ ሓዚኡ ምህላዉ ርግጽ'ዩ። እዚ ሕጋዊ ውድባዊ ኮንፈረንስ ኣባላት ሰደግኤ'ዚ፡ ብርግጽ ንሰደግኤ ከም ውድብ ናብ ሓድሽ መድረኽ ዘሰጋገረ፡ ሓያል ብልጫታት ዝተራእየሉ፡ ብረብሓ ቃልሲ ድማ ዓወት ዝተሓፈሶ ዓውዲ'ዩ። ብክንድኡ ድማ ንገድላዊ ዓቕምታቱ ኣበሪኹ፡ ንናይ ምግዳል ንያትና ሓያል ድርዒ ኣዕጢቕዎ'ዩ።

ኮንፈረንስ ኣባላት ሰደግኤ፡ ብወድዓዊ ዓይኒ ክምዘን እንከሎ፡ ብመሪር ፍሽለት ዘይረዓደ፡ ንተደራራቢ ናይ ቅንጸላ ውዲታት ዘምከነ፡ ዕርዲ መኸትኡ ዘይተደፍረ፣ ዝሰነቀ ሓቅን ራእይን ብጸልማ ዶሮና ሓሶት ዘይተበረዘ፣ ኣብ ጽንኩር መድረኽ ከም ወርቂ ተፈቲኑ ዝወጸ ብምዃኑ፡ ውድዓዊ ኩነት እቲ ውድብ፡ ንብርባር ብልጫታት'ዩ ዘለዎ። ካብ ሞንጎ'ቶም ሓያል ብልጫታቱን ኣብዚ ኮንፈረንስ'ዚ ዘውሓሶምን ገለ ክንጠቕስ፡-

ኮንፈረንስ ሰደግኤ፡ ከም ውድብ ኣብ ልዕሊ እምነታቱ፣ መሪሕነቱ፣ ካድራቱን መሰረታቱን ንዝተፈጸመ ፖለቲካዊ ቅንጸላ በዲሁ፡ ካብ ቂምን ሕነ-ምፍዳይን ነብሱ ሓራ ጌሩ፡ ንጉዕዞታቱ ብበሊሕ ነቐፌታ ብምግምጋም ድኽመታቱ ኣለሊዩ ኣወንትኡ ዓቒቡ፡ ብዝለዓለ ናይ ቃልሲ ወነ ንፖለቲካዊ ትንሳኤኡ ክጽምብል ምብቑዑ'ውን ብተመሳሳሊ ካልእ ሕላገት ብልጫ'ዩ። እዚ ኣወንታዊ ንባብ'ዚ፡ ሰደግኤ ንጌጋታቱ ዘይንሕፍ፡ ካብ እዋን ናብ እዋን ባዕሉ-ንናይ ባዕሉ ጉድለታት ዝእርም፡ እናተጋደለ ዝመሃር እናተማህረ ድማ ብራእይ ዝዓቢ ውድብ ምዃኑ መስኪሩ'ዩ።

እዚ መስመር፣ እዚ ውድብን ኣባላቱን፡ ዳግም ከይስዕርሩ ዝተኻየደ ውዲታትን ቅንጸላታትን ማእለያ የብሉን። ግን ከኣ ናይ'ዚ ውድብ ሰረታት ዝኾኑ ኣባላት መሰረታቱ ብሓፈሻ፡ ላዕለዎት መሪሕነታቱን ካድራቱን ከኣ ብፍላይ፡ ካብ ፖለቲካዊ መስመሮምን ነብሰ-ምትእምማኖምን ተበጊሶም፡ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ብምኽፋል ናይ ዕላማን መትከልን ሰባት ምዃኖም፡ ኣብ ጽንኩር መድረኽ ተፈቲኖም፡ ብግብሪ ከመስክሩ ኪኢሎም'ዮም። እዚ ብኣባላት ሰደግኤ ዝተራእየ ሚስጥር ጽንዓት'ዚ፡ ንዕላማን መስመርን ካብ ዘለዎ ጥብቅና'ዩ ዝነቅል። ብከምዚ ዓይነት ናይ ዕላማ ጽንዓት፡ ዝተሰረተ ውድብ ድማ ዘይሰግሮም ጸገማትን ሕልኽላኻት፡ ናይ መድረኻት ከምዘየለዉ ቁልጭ ኣቢሉ ዝምስክር ካልእ ብልጭኡ እዩ።

ካልእ መሰረታዊ ነገር ከኣ፡ ሰደግኤ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ መስርሕ ሓድነት ንብረቱ፣ ገንዘቡን ወርቃዊ ናይ ቃልሲ ዕድላቱን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሰብኣዊ ክሳራውን ከፊሉ'ዩ። ብርግጽ ከኣ ሰደግኤ፡ ብስንኪ ኣብ ግዛድኤ ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ቅልውላዉ፡ ከም ውድብ ካብ ዝመረጾ መዋጽኦ፡ ዝተፈለየ ርእይቶ ዝሓዙ፡ ብፖለቲካዊ ቅልውላው ግዛድኤ እናተሳቐዩ፡ ብገለ ምኽንያታት ኣብ ውሽጢ'ቲ ውድብ ክቕጽሉ ዝመረጹን ብኡ ዝረዓሙን ገለ ሰብኣዊ ዓቕምታቱ /ላዕለዎት መሪሕነታቱ ነበር/ ምስኣኑ ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ'ዩ። ግን ከኣ እዚ፡ ምናልባት'ውን ብክሳራ ዝግለጽ ተረኺቡ፡ ንሰደግኤ ውድባዊ ጽሬት'ዩ። ከም'ቲ እዚ ጽንኩር መድረኽ'ዚ ብሉጻት ናይ ዕላማ ሰባት ተለልዮም ክውጹ ዘኽኣሎም፡ ኣብ ስንኩፍ ቦታ ዝረገጹ ባእታታቱ ድማ ተጎሊሎም ክወጹ ኮይኖም'ዮም። ብርግጽ ከኣ ከም'ቲ ኣብ መወዳእታ ብግብሪ ዘረጋገጽናዮን ዘስደመመናን፡ እዚ ባእታ'ዚ ከይተለለየ ኣብ ውሽጢ'ዚ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ኣድብዩ ዝነበረ፡ ድላዩ ከይገብር ብልጓም ስረታት ናይቲ ውድብን ደሞክራሲያዊ ባህልታቱን፡ ካብ ባህሪኡ ወጻኢ ተገሪሑ ዕድል ዝተኸልአ ምዃኑ'ዩ። እዚ ባእታ'ዚ ከምዚ'ሉ ክለለ፡ ብምሔ ክፍለ፡ ምዃኑ ንሰደግኤ ከም ውድብ ጽሬት'ዩ። ንደሞክራሲያዊ ቃልስና ድማ ትኩር ቆላሕትኡ ዝጠልብ'ዩ።

ካልእ ኣወንታዊ ብልጫ ሰደግኤ፡ እቲ ሕጇ ዘካየዶ ኮንፈረንስን ንመደባት ኮንፈረንስ ኣብ ምዕዋት ዝጽበይዎ ቃልስን፡ ካብ ዜሮ ናይ ውደባ ስርርዕን ፋይናንሳዊ ዓቕምታትን'ዩ "ሀ" ብምባል ጀሚርዎ። ንዕላማ ካብ ዘለዎ ጽኑዕ እምነትን ተወፋይነትን ግን፡ እነሆ ዕዉት ጽምብል ኮንፈረንስ ኣበሲሩ። ነቲ ድሕሪ ኮንፈረንስ ዘሎ ጉዕዞ ቃልሲ'ውን፡ ኩሉ'ቲ ቃልሲ ዝጠልቦ ግቡኣት ንምምላእ፡ ኣብ መንኩቡ ክጾሮ ድልውነቱ ብርድየት ተቐቢሉ፡ ናብ ዓውዲ ተግባር ከኣ ወፊሩ። ካልእ ብልጫታት.....ወዘተ....ወዘተ.

ስለዚ እምበኣር፡ ኮንፈረንስ ሰደግኤ ብሩህ ራእይ፣ ተስፋ መጻኢ ሰኒቑ፡ ካብ ሕጽረታቱን መረርቲ ፍሽለታቱን ነጺሁ፡ ናይ ሕሉፍ ኣወንታዊ ጸጋታትን መለለይታትን ወሪሱ፡ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ቃልሲ ትንሳኤ ፖለቲካዊ እምነታቱ ብምእዋጅ'ዩ ተበጊሱ። ብኣጠቓላሊ ኣብ ቅድሚኡ ንዘሎ ጽንኩር መድረኽ ብብቕዓት ዘስግር፡ ሓያልን ዓይነታውን ጸጋታት ኣማሊኡ'ዩ።